# “ማሕበረኮምን ፖለቲካን ፈላሊና ንርአዮ”

ሰነ 2011

ዓመት ይሓልፍ ዓመት ይትካእ ብመንጽሩ ነቲ ዝሓለፈ ገምጊምና ናይ መጻኢ መደባትና ንሰርዕ። ንመደባትና ኣብ ግብሪ ምውዓሎም ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ ንከታተሎም፣ ምኽንያቱ ግዜ ብሉጽን ልዕሊ ኹሉን ስለዝኾነ። መግዛእቲ ካብቶም ንፈትዎም ስድራቤትናን ዓድናን ሃገርናን ፈልዩ ብዝተፈላለየ ኣገባብን ካብ ዝተፈላለየ መኣዝናትን ክንደይ ሓጎጽጎጽ ሰጊርና ኣብዚ ዘለናዮ ሃገራት በጺሕና። ገለ ብውልቅና ገለ ምስድራቤትና ተሰዲድና፣ እቲ ንኡስ ዓብዩ ክንዲ ሰብ ኮይኑ ተመርዕዩ ወሊዱ ኣብ ዓቢ ሓላፍነት ይርከብ። መቕርብ ናብ መን ይቐርብ እንዲዩ በቲ ናይተን ንነብረን ሃገራት ሕግታት ዘፍቅዶ መሰረት ናይ ከባቢና ሽግራት ንምፍታሕ ተጠርኒፍና ንሓደሽቲ መጻእቲ ንምእንጋድን እቶም ነባራት ድማ ሓድሒድና ብምትሕግጋዝ ነቶም ዝተወልዱ ቆልዑት ካብ መንነቶም ኣመና ከይርሕቁ ባህሎምን ልምዶምን ከየጥፍኡ ማሕበረኮም ንኹሉ ብማዕረ ከገልግል ተመስሪቱ። እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ንናይቲ ትነብረሉ ከባቢ ተሓጋጊዝካ እዋናዊ ሽግርካ ንምታሕ እዩ ኔሩ። እንተኾነ ግዳ ንኣብነት ኣብዛ ንነብረላ ከተማ ቶሮንቶ ኣብ 1985 ማሕበረ ኮም ቆይሙ ናብ ናይ ከባቢኡ ሽግር ኣድሂቡ ፍታሕ ከምጽእ እንዳተገበአ ብጸቢብ ውድባዊ ስምዒታት ብዙሕ ምፍሕፋሕ ኣጋጢሙ ከምቲ ዝድለ እኳ እንተዘይሰጎመ እንዳወደቐ እንዳተሰኤ ገፊፍ ይብል ኔሩ። ማሕበረ ኮም ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ጸግዒ ነጻ ኾይኑ ንሓደስቲ መጻእቲ ዘእንግድን ነቶም ነባራትን ሓደስትን ሓድሕዶም ዝራኸበሉን ባህሎምን ልምዶምን ዓቂቦም ንዘጋጥሞም ጸጋማት ሓቢሮም ንኽምክቱ ባይታ ዝፈጥርን'ዩ። ኣብዚ ንነብረሉ ሃገርን ከባቢናን ኣብ ማሕበረኮሞም ኣበርቲዖም ስለዝሰርሑን ርኡይ ዝኾነ ለውጢ ስለ ዘመዝገቡን መራሕቲ ሃገር ንኽኾኑ ዝበቕዑ ብዙሓት እዮም። ኤርትራውያን ካናዳውያን ማሕበረሰብ ኣብ ሜትሮ ፖሊትያን (ECCC) ካብ ዝቐውም 25 ዓመቱ የሕሊፉ ኣሎ። እዚ ማሕበር'ዚ ክብ ለጠቅ ዝብሉ ጸገማት ሰጊሩ ኣብዚ ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ይርከብ። ካብ ዝተመስረተሉ ግዜ ስጋብ ሕጂ ካብተን ድሕሪኡ ዝተመስረታ ማሕበራት ብደረጃኡ ዝውንኖ ኣብያተ ጽሕፈትን ህዝቢ ዝራኸበሎምን ዝዘናግዓሎምን ማእከል ተኺሉ ኣብ ልዑል ደራጃ በጺሑ ክርከብ ይግበአ ኔሩ። ቀዲሙ በቲ ጸቢብ ውድባዊ ስምዒታትን ኣነዶ ንስኻን፡ ድሒሩ ኸኣ ኣብ መንጎ'ቲ ማሕበረኮምን ቤትጽሕፈት ህግደፍን ዝተኸሰቱ ንኣሽቱ ግርጭታት ብኢህን ሚህን ክፍትሑ ዝግበኦም ኣብ ዓቢ ኣምባጋሮ ተቐይሩ ገለ ኣባላት ህፍደፍ ኣባላት እቲ ማሕበረኮም ስለዝነበሩ ብውሽጣ ውሽጢ'ኳ ክቆጻጸሩዎ እንተፈቲኑ በቶም ኣበቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ መራሕቲ ሓያል ተጻዋርነት ፈሺሉ። ካብኡ ቀዲሉ'ውን ኣብ ግዜ ጉባኤ ሓያል ምውድዳብ ተጌሩ እቲ ማሕበረኮም ብህግደፍ ክመሓደር ኣለዎ ዘብሉ 38 ነጥቢ ከምጽኡ አንከለዉ፡ ነጻ ክንከውን ኣሎና ዝብሉ ብ65 ጽምዲ ተዓዊቶም። በቲ ናይ ማሕበረ ኮም ሕጊ መሰረት ክትመርጽን ክትምረጽን ን6ወርሒ ኣባል ኮይኑ ምስዝጸንሕ'ዩ ስለዝብል እቲ ሕጊ ነዚ ምርኩስ ብምግባር ኩሉ ኣባል ህግደፍ ኣባል ናይቲ ማሕበረኮም ክኸውን ኣለዎ ስለዝተባህለ ኩሉ ኣባል ህግደፍ ቅጥዕታት መሊኡ ወርሓዊ ውጽኢት'ውን ከፊሉ። 6 ወርሒ ምጽማም ስለዝተሳእነ ናትና ማሕበር ክንምስርት ኣሎና ኢሎም ጎስጓስ ስለዝጀመሩ ገለ ኣባላት ህግደፍ ነቲ ወኪል ህግደፍ ኣብ ካናዳ ዝነበረ ኣቶ ግርማይ ተስፋማርያም እዚ ህዝቢ'ዚ ውሑድ ክንሱ ኣብ ክልተ ክምቀል ቅኑዕ ኣይኮነን ኢሎም እንተተወከስዎ **“ንሕና ዘይንውንኖ ማሕበረኮም ክህልዉ'ውን ኣይንደልን ኢና”** ብምባሉ እቲ ማሕበር ኣብ ክልተ ተገሚዑ ኤርትራውያን ካናዳውያን ኣብ ኦንታርዮ (ECAO) ዝብል ማሕበር ኣብ 2002 ተመስሪቱ። እቲ ቀንዲ ሽግር ብኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲዶ ንመሓደር ወይሲ በዚ ንነብረሉ ዘሎና ናይ ካናዳ ሃገራዊ መንግስቲ'ዩ? ብኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲ ክንመሓደር ከይንብል መንግስቲ ዝበሃል ንባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ ተሰማሚዑ ዘጽደቆ ቅዋም ንኸይትግብር ሓንጊዱ ብኣንጊሁ ዝተስኤ'ያ ትመሓደር ዘላ። ንሱ ዝፈጠሮ ሳዕቤን ድማ ህዝቢ ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ናብ ስደት የምርሕ ኣሎ። ብምውጽኡ ዝተጣዕሰ እንተሃልዩ ድማ ማይ ኣይሓለፎን ከም ወትሩ ኣዋጺእና ክንሰዶ ንኽእል ኢና። እንተዘይኮነ ግን ንነብስና ኣብ ጥጡሕ ባይታ ኣቐሚጥና ብዋጋ ሃገሮም እሾኽ ኮይናቶም ዘለዉ መንእሰያት ክንጣላዕ ግን ናይ ገበን ገበን'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ንዴምክራስን ፍትሕን (ህግደፍ) ካብ ዝቐውም ኣትሒዙ እቲ ሰልፊ ንዝፈጸሞም ገበናት ተቓዊሞም ናብ ስደት ዘምርሑን ኣብ ስደት ዝርከቡ ዴሞክራስያውያን ተቓለስቲ ኤርትራውያን ንምድሃኽን ካብ ሕብረተሰቦም ንምንጻል ክጥዕሞን ነቲ ኣብ ደገ ዝነብር ህዝቢ ንስለያዊ መዳያቶም ንኽጥቀመሉን፣ “ጽምብላሊዕሲ መዓኮራ ዘይከደነት ምድሪ ኸደነት” ናይ ገዛእ

ሃገሮም ህዝቢ ከየዔንገሉ ንግብረሸበራውያን ብምሕጋዞም ሃገርና ኤርትራ “ማዕቀብ” ተበይኑላ ካብ ዓለም ተነጺላ ህዝብና ሕሱም መነባብሮ ዘሕልፎ ዘሎ ከይኣኽሎ፣ ህዝቢ ኣብ ክንዲ ብሓባር ኮይኑ ናይ ከባቢኡ ሽግር ዝፈትሕ፣ ነቲ ብስንፍኡ ዝሰሓግ ዘሎ ስርዓት ንምድሓንን ንሓቂ ካብ ልዕሊ መሬት ንምሕባእን ክጥዕሞም ንማሕበረኮም ገማሚያሞ ህዝቢ ነንሕድሕዱ ከምዝናቖት ይገብርዎ ምህላዎም ኣብ ቶሮንቶ፣ለንደን፣ክቸነር፣ዊንንፐግን ጭቡጥ ምስክር'ዩ። ነቲ ህዝቢ ሓድሕዱ ከናቑቱዎን ነቲ ቈናን ኣተሓሳስበኦም ኣይፋል ንዝበለ ካብ ሕብረተሰቡ ንኽንጽልዎን ዘይኩዕትዎ ጉድጓድ የሎን። መራሕቲ ህግደፍ ደቆም ናብ ወጻኢ ሃገራት ሊኢኾም የምህሩን ብናይ ሃገርን ህዝብን ገንዘብ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ተደላዲሎም ርእሰማሎም ስጋብ ናብ ወጻኢ ሃገራት ኣዋፊሮም ሃብቲ ይድልቡ ኣለዉ። እቲ ብኽንደይ ሽግር ኣብ ስደት ዝበጽሖ ኤርትራዊ ደኣ ስለምንታይ በቲ ዝነብረሉ ዘሎ ሃገራዊ ሕጊ ተቐይዱ ሓድሕዱ ከይፋቐርን ከይተሓጋገዝን ወግሖ ጸብሖ ሓዲሽ ምህዞታት እንዳተማሃዙ ወልቀ ሰባት ንኽረብሑ ደቂ ሓደ ሃገር ህዝቢ ክፈላልዩን ከናቑቱዎን ከምዘይፋለጥ ተተፋኒኑ ከምዝሓልፍ ይገብርዎ ኣለዉ። ፖለቲካ ናይ ውልቅኻ እምነትን ንሃገራዊ ረብሓን እንተኾይኑ ምርድዳእ እንከሎ ምትፍናን ደኣ እንታይ ኣምጽኦ? ንምንታይከ ካብ ናይ ከባቢና ፖለቲካውያን ሰልፍታት ዘይንመሃር። ርሑቕ ከይከድና እቲ ከም ናይ ኢሰያስ ፓፓጋሎ ዝፍለጥ ዓሊ ዓብዱ ብሰንኪ ሕማቕ ኣተሓሕዘኦም ስግሪ ዶብ ክሰግሩ ዝተረኽቡ መንእሰያት ክሕየሩን ክርሸኑን ትእዛዝ እንዳሃበ በዓልቲ ቤቱ ጽገረዳ ገብረኣምላኽ ምስ ወዱ ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ከም ኩሉ ስደተኛ ይነብሩ ኣለው። ንዑዑ ሓላል ንኻልእ ግን ሓራም ዝኾነሉ ምኽንያት ድኣ ስለምንታይ'ዩ? ንዝፍጽምዎ ዘለው ገበናት መዓልቱ ሓሊዩ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ክሕተትሉ ምኻኖም ግን ክንዝንግዖ ኣይግባእን። ሕግን ፍትሕን ሲኢኖም ሃገሮም እሾኽ ኮይናቶም ናብ ስደት ዘምርሑ ኤርትራውያን ብምፍርራሕ ናብ መፈንጠርያኦም ንምእታውን ገንዘቦም ንምምዝማዝን ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይ ህግደፍ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ናይ ጣዕሳ ፎርም ኣዳልዮም ንኽመልኡ ከምዘገድድዎም ናይ ኣደባባይ ምስጢር'ዩ። ካብ ሃገርካ ዘውጽኣካ ምኽንያት ከይተፈትሖ ናብኡ ክትምለስ ምሕሳብ ዘይሕለምን ብዝረኸብካዮ ዕድል ምጽዋትን'ዩ፣ ኣብቲ ትነብረሉ ዘሎኻ ሃገርው'ን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዘሕትተካን ስጋብ ናይ ምጥራዝ ዕድላት ከምዘንጸላልዎም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን። ሕጂ'ውን እንተኾነ ህዝቢ ልቢ የዕብዩን ናይዞም መንእሰያትና ሽግር ኣብ ግምት የእትዩን ንሓድነት ኣጸቢቑ ክጸቕጠሉን ንላቦ። ካብ ሓድነትነት መኽሰብ እምበር ክሳራ የብልናን። ካብ ምፍልላይ ግን ክሳራ'በር መኽሰብ የብልናን። ካብ ምፍልላይ ዝኸሰቡ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ናይ ህግደፍ ሰራሕተኛታት ውልቀሰባት ካብኡ ዝደሞዞም ኣለዉ፣ ከምቲ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ናይ ኣምባሳደራት ኣኼባ ፕረዚደንት ኢሰያስ “ከም ጡኑሳት መዓልቲ ደሞዝኩም ኣይትጸብጽቡ ማእሪርኩም ብልዑ ዝበሎም፣” እዞም ሰራሕተኛታት ህግደፍ ናይ **“ቁርዲድ ፕሮጀክት”** (መሳሲን ኣድማፅ) ኣዳልዮም ነዚ ኤርትራዊ ኣብ ዝኣተዎ ኣንዳኣተዉ ገንዘቡን፣ ጉልበቱን፣ ግዚኡን፣ መዝሚዞም ኣብ ገዛእ ሃገሩ መሰል ዘይብሉ ጊላ ጌሮም፣ ኣብ ስደት ዝነብር ድማ በተኽ ከምዝኸውን ጌሮሞ ኣለዉ። እቲ ህዝቢ'ውን ከይሓብር ብታሕቲ ታሕቲ ሓለይቲ ሃገርን ህዝብን መሲሎም ነዚ ህዝቢ ብዓሌት፣ ሃይማኖት፣ብወገን፣ ብመቦቆል ፈላልዮም ተደሪሮም ዝሓድሩ ኣለዉ። ንሕና ግን ከም ኣብ ስደት ንነብር ህዝቢ ኤርትራ ስጋብ ሕጂ ካብ ዝተገብረ ምፍልላይ ከሲርና'ምበር ኣይከሰብናን። እቲ ኽሳራ ሓደ ማእከል ኣቑምና መንእሰያትና ዝራኸቡሉን ቀጻሊ ዝምድና ዝፈጥሩሉን መዘናጊዒታት ኣብክንዲ ምህናጽ፣ መንእሰያትና ንኹሉ ዝሓቁፍ ማእከል ስለዘይብሎም ኣብ ናይ ካልኦት ማእከላት ከይዶም ክዘናግዑ ይፍትኑ ናይ ግድን ድማ ንያያም ክመስሉን(ላን) ኣብ ዘይተደልየ ጥንስን ኣደዳ ሓሺሽን ኮይኖም ክትርእዮም ናይ ብሓቂ ዘሕዝን'ዩ! ካበየናይ ማሕበረኮም'ዮ ብዘየገድስ ኤርትራውያን'ዮም፣ እሞ ብኤርትራውነትና ንግደስ እንተኾይንና ደኣ ነቶም ናይ ሓድነትና ዓንቀፍቲ ኣሊና ንሓድነትና ዘይንጽዕረሉ፣ መንእሰያትና ሓድሕዶም ከምዝፋቐሩን ከምዝፋረዩን እንተዘይጌርና ደኣ እታ ኤርትራውነት እትበሃል ኣባና ከተብቅዕ'ያ ማለት ድዩ? እቲ ዕድል ዝረኸበ መንእሰይ ድማ ይስደድ ኣሎ ነዚ ሽግር'ዚ ንምፍታሕ ዓበይቲ ዓድን ግዱሳት ኤርትራውያንን እንተዘይተጓይይናሉ እቲ ምጽናት ዝበሃል ነዊሕ ኣይክጸንሕን'ዩሞ ብእዋኑ እንከሎ ንጽዓረሉ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!!

ዳዊት ሃብተ, ቶሮንቶ

ካብ መጽሔት ፍትሓዊት